# ስዉኣት እንተዝምለሱ

ስዉኣት ጀጋኑ ከመለኹም
ኣብቲ ዘለኹሞ ዓለም ናይ በይንኹም
ኤረ ተሰሚያ ሳላኹም
ብሕልና፣ ብመንፈስ፣ ብተግባር ኣሎና ኣብ ሕድሮኹም
ጀጋኑ ኢኹም ጂግናኚ ክውሕደኩም
ቀያሕቲ ኣሕዋተይ መሬት ዝወሓጠኩም

እንተ ትምለሱ እንተ ትርእዩና
ኣብ ፈቐዶ ሃገራ ፋሕ ጨንገዓሕ ኢልና

ዝኣመንክሞም መራሕቲ ሕድሮኹም ጠሊሞም
ሒእ! ዝበለ ይተሓጎም ኮይኑ ጭርሖኦም
ከይመስለኩም ከም ቀደም ቀይሮም'ዮም ጠባዮም
ፍትሒ ዓምጺጾም ህዝቢ በታቲኖም
ታሪኽኩም ሸፊኖም
ልቢ ህዝቢ ኣኽሒኖም
ናይምሰል ሰቲ
ንምሽፋን መቕዘፍቲ
መብጸዓ እንዳመደሩ
ኪኖ ቃሎም እንዳነበሩ
ምልስ ኢልኩም እንተትርእዩዋ እዛ ህሞት
ዝወላዕኩማ ሽምዓ ከም ዝቐሃመት

ይብል...

እንተዝህሉ እንታይ ምመረጸ
ናይ ስድርኡ ሓጎስ ናይ ኣሕዋቱ ሕጸ
መዘንተወ ነሩ ናጽነት ከመይ ከምዝመጸ
ምሰርሐ መበርከተ ሃገር ምሃጸ

ስውእቲ ሃውተይ'ከ እንታይ'ኮን ምበልኪ
ወዳ ተኣሲሩ ኣደና ክትበኪ
ምቐጸልኪዮዶ ቃልሲ ኣንጻር መራሕትኺ?
ወይስ ከምዚ ከማይ
ብዕሩብ ሕልና ምቕዘምኪ
ኣብ ምስትምሳል ምነበርኪ!

እሞ ሰማእታት ኣብዛ ሰነ
ሕድሮኹም ተኸዲነ
ዓወትኩም ክምልእ

**ባህግኹም ክውልዕ**
**ምስ መሓዙተይ እትንስእ!!**

**ግርማዊት**
**ኣባል ትንሳኤ መንእሰያት ዋሽንግቶን ዲሲ**